# ኣመሪካን ዓባይ ብሪጣንያን ካብ ኤርትራ ከመሃራ ኣለወን

## ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
## ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
## 21.01.2007

ኢሳያስ ኣፍወርቂ ምስ ዓጥያ ዒሳውን መሓመድ ኣሚን ኣልመስሪን ዝገበሮ ቃለ መሓትት ኣብ ኣልኣህራም እተባህለ ፍሉጥ ናይ ግብጺ ጋዜጣ ብዕለት 16 ጥሪ 2007 ተሓቲሙ ተዘርጊሑ።

ብሰንኪ'ቲ ምስ ኢትዮጵያ ዘሎ ምስሕሓብ ንነዊሕ ግዜ ዝተደናጒየ፡ ብተቓወምትኻ ዝቐረበልካ ጠለባት ናይ ኣብዝሓ ሰልፋዊ ምርጫታት ኣብ ግብሪ ንምውዓል ዝወሰድካዮ ስጉምቲ'ዶ ኣሎ? ንዝብል በቶም ጋዜጠኛታት ዝቐረበሉ ሕቶ፡ ኢሳያስ ከም'ዚ ዝስዕብ ክብል መለሰ።

ተቓውሞ ዝብሃል ነገር የለን። ኣብ ኤርትራ፡ ንሾሎም ኣብ ውሽጢ ይኹኑ ኣብ ደገ ዘለዉ ዜጋታት ዘሳትፍ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ኣሎና። እቲ ብገለ ውልቀሰባትን ጕጅለታትን ዝፍብረኽ ጸገማት ምስ ፍሉጥ ኣጀንዳ ዘለዎም ናይ ግዳም ሓይልታት ዝተኣሳሰረ'ዩ። ምስ ዲሞክራስን ፖለቲካዊ ምዕባለ ናይ ኤርትራ ዝተኣሳሰሩ ኣይኮኑን። ብዛዕባ ዲሞክራስን ብዙሕነት ዝዝረብ ዘሎ ጕዳያት እንተደኣኮይኑ፡ ቡሽን ብለርን ካብ ተመኩሮና ክመሃሩ ኣለዎም። እንግሊዛውያን ንብለር እምቢ ኢሎሞ ኢዮም። ብለር ግን ንድምጺ ናይ ህዝቢ ተማእዚዙ ካብ ስልጣን ክወርድ ኣየደለየን። ከምኡ ውን፡ 67% ካብ ኣመሪካውያን ብመንግስቶም ዝፈጸሞም ስርሓት ሕጉሳት ኣይኮኑን። ስለ'ዚ፡ ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኩነታት ፕረሲደንት ቡሽ ካብ ስልጣን ወሪዱ ነቲ ጸገም ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ'ዩ ክፈትሖ ዝግባእ። ብዛዕባ ዲሞክራሲ ዝዛረብ ሰብ፡ ቅድም ቀዳድም ባዕሉ ኣብ ግብሪ ከውዕሎ'ሞ፤ ድሕሪኡ ከኣ ንኻልኦት ኣብ ግብሪ ከውዕልዎ ክመክር'ዩ ዝግባእ። ንሕና ናይ ዲሞክራሲ ፕሮፌሰራት ኣየድልዩናን ኢዮም። ኩነታትና፡ ካብ ዝኾነ ይኹን ኣብ ኣፍሪቃ ዋላ ውን ኣብ ኣውሮጳ ዘሎ ዲሞክራሲ ዝሓሸ ኢዩ ኢሉ።

ብርግጽ ዘስደምም መልሲ፡ ካብ ዘስደምምን ዘይሓንኽን መራሒ። ንስርዓት ኢሳያስ ዝቃወሙ ሓይልታት ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ደገ ምህላዎም ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ'ዩ። ነዚ ሓቂ'ዚ ክሽፍኖ ውን እንተፈነተ፡ ንዝኾነ ይኹን ሰብ ከዕግብ ከምዘይክእል ርዱእ ኢዩ። ናይ ተቓወምቲ ውድባት ኣኼባታት፡ ናይ ረድዮ ፈነወን፡ ሰላማዊ ሰልፍታትን ንዝርእን ንዝሰምዕን ዘሎ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ዓለምን፡ ኣይሰማዕኩምን ኣየንበብኩምን ክትብሎም ፈጺሙ ዘይከኣል ኢዩ። ኤረ! እቶም ዝኣሰሮም ናይ ቀደም መራሕትን ጋዜጠኛታትን መራሕቲ ሃይማኖታትን በሽሓት ዝቕጸሩ ሰዓብቶምን እንታይ ስለዝበሉን እንታይ ስለዝገበሩን ድዩ ኣሲርዎም ዘሎ?

ኣስዕቡ ብዛዕባ ዲሞክራስን ብዙሕነትን ዝሃቦ መልሲ ከኣ ንሰማዒ ገረሞ ዘብል ኢዩ። ኤርትራ ካብ ኣፍሪቃ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ካብ ኣውሮጳን ኣመሪካን ዝበልጽ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ኣለዋ ምባሉ፡ ሓሚሙ እንተዘይኮይኑ ብጥዕናኡ ኣሎ ምባል ዘይከኣል'ዩ። ብለርን ቡሽን ካብ

ተመኩሮ ኤርትራ ክመሃሩ ምዕዳም ድማ፡ ብህዝቢ ዓለም ምሸክዕላል ካብ ምኻኑ ተሪፉ ካልእ ትርጉም ክውሃቦ ኣይክእልን።

ቡሽን ብለርን፡ ካብ ኢሳያስ ዝመሃርዎ ተመኩሮ ንዝኾነ ካብኦም ፍልይ ዝበለ ርእይቶ ዘለዎ ዜጋ ምእሳርን ብዘይ ክስን ብዘይ ፍርድን ምስ ቤተ-ሰቡ ኣብ ዘይራኽበሉ ሕቡእ ቦታን ምእሳርን፤ ካብ ኢድ ወለዶም ዘይኮነስ፡ ካብ ኢድ መንግስቲ ናይ ዝሃደሙ ኣባላት ሃገራዊ ኣገልሎት 50,000 ናቕፋ ክፈሉ ወይ ድማ ንዓመታት ብማእሰርቲ ምቕጻዕን ድዩ? ወይስ ነቲ ብወለዶታት እናማዕበልዎ ዝመጹ ቅዋም ኣብ ከብሒ ዓጽዮም፡ ንህዝቦም ብዘይ ቅዋም ተመሓደር ክብልዎ ድዩ?  ወይስ፡ ነቶም ብናጽነት ዝንቀሳቐሱ ጋዜጠኛታትን ሰልፍታትን ኣብ ኣብያተ-ማእሰርቲ ምድጓን ድዩ? ወይስ፡ ነቲ በጺሖሞ ዘለዉ ስልጣኔ ደምሲሶም ክምኡ ናብ ናይ በረኻ ኣተሓሳስባ ክምለሱ ድዩ ዝዕድሞም ዘሎ?

ቡሽን ብለርን ብህዝቦም ተጸሊኦም ስለዘለዉ፡ ስለምንታይ ካብ ስልጣኖም ዘይወርዱ ምባሉ፤ ንሱ ብህዝቢ ስለዝተፈተኹ ኢየ ኣብ ስልጣን ዘለኹ ዝብል መልእኽቲ ከመሓላልፍ ይፍትን ምህላዉ ብሩህ ኢዩ። ግን ከኣ፡ ቅድም ክብል "ኣነ ብህይወተይ ክሳዕ ዘለኹ፡ ካብ ስልጣን ከልግስ'የ ኢለ ሓሲበ ይኹን ሓሊመ ኣይፈልጥን" ምባሉ መግለጺ ናይ ዲሞክራስያውነት ድዩ ነይሩ!!!? ቡሽን ብለርን ብመሰረት ቅዋም ሃገራቶም ካብ ስልጣኖም ዝወርድሉ ግዜ ክምዝመጽእ ዘይፈልጥ ሰብ ዘሎ ኣይመስለናን። እቲ ምኣስ ክምዝወርድ ዘይፍለጥ ግን፡ ናይ'ቲ ብቅዋም ዘይኮነስ፡ ብኢደ ወነኑ ዝገዝእ ዘሎ ኢሳያስ ኢዩ። ዘበን ግርንቢጥ ማይ ንዓቕብ ክምዝበሃል፡ ኢሳያስ፡ ምኣስ ካብ ስልጣን ክስሕብ ምኻኑ ክንዲ ዝነግር፡ ካልኦት ካብ ስልጣኖም ዘይወረዱ ኢሉ ምኽሳሱ፡ ንዓለም ገረሞ ዘብል ኢዩ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኤርትራ ብግህሰት ሰብኣዊ መሰላት፡ ብምእሳር ጋዜጠኛታት፡ ኣብ ቀዳማይ መስርዕ እትርከብ ሃገር ምኻና ዓለምና ብመላኡ ዝመስከሮ ሓቂ'ዩ። ነዚ ሓቂ'ዚ ረጊጹ፡ ብዛዕባ ኣብ ኣውሮጳን ኣመሪካን ዲሞክራሲ ምህላዉን ዘይምህላዉን ክምህረና ኢሉ ምሕሳቡ፡ ኣዝዩ ዘገርም ጉዳይ'ዩ።

"ጽምብላሊዕ'ሲ መቀመጭኣ ዘይከደነት፡ መሬት ከደነት" ክምዝበሃል፡ ኢሳያስ፡ ንኣፍሪቃ ከይኣኽሎ፡ ካብኡ ሰጊሩ፡ ንኣውሮጳን ኣመሪካን ከቈናጽብ ምፍታኑ ዓለም ክምዝስሕቆ ርዱእ ኰይኑ፤ ንሕና ድማ፡ ኢሳያስ፡ ክንዲ'ታ ኣብ ጕረባብቲ ሃገራት ተፈቒዳ ዘላ ዲሞክራሲ ንህዝቢ ኤርትራ እንተዘፍቅድ ክንደይ ኮን መመስገናዮን መመጐስናዮን ኣብ ርእሴና ምሰቐልናዮን ንብል። ስኣን እዚኣ ንእሽቶ መተንፈሲት መስኮት እኳ'ዩ ህዝብና ዝእሰር፡ ዝሰድድ፡ ዝጠሚ ዝመውት ዘሎ።

ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ኢሳያስ፡ ዋላ ነቶም ምስኡ ቃለ-መሓትት ዝገብሩ ዝነበሩ ግብጻውያንን ንሃገሮምን ካብ ናትኩም ዝበለጸ ዲሞክራሲ'ዩ ዘሎና ይብሎም ክምዝነበረ ዝዘንግዐ'ዩ ዝመስል። ብክቱር ትምክሕቲ ነዚ ክርዳእ ዘይክኣለ ስርዓት፡ ንህዝቡን ንጐረባብቱን ክሳዕ ክንደይ ሓደገኛ ምኻኑ ንምግንዛብ ድማ፡ ብዙሕ መብርሂ ዝሓትት ጉዳይ ኣይኮነን።

"ዝብኢ'ስ፡ ኣብ ዘይፈልጥዎ ዓዲ ከይዱ፡ ማእሲ ኣንጽፉለይ በለ" ክምዝብሃል፡ ኢሳያስ፡ ካብ ዝብኢ ብዝዓሸወ ኣገባብ፡ ኣብ ዝፈልጥዎ ዓዲ ከይዱ፡ ኩታ ናይ ዲሞክራሲ ክኽደን ምፍታኑ፡ ንርእሱን ንሃገሩን ዘሕፍር መዳርግቲ ዘይብሉ ናይ ዓያሹ ስራሕ ኢዩ ሰሪሑ።

እዚ መግለጺ'ዚ፡ ነቶም ክሳዕ ዶብና ዝሕንጸጽ፡ ሰብኣዊ መሰል ክኽበር ይኹን ዲሞክራስያዊ ምርጫታት ክካየድ ኣይክእልን'ዩ እናበሉ፡ ነቲ ስርዓት ክመሳምስሉ ዝጸንሑ ሸነኻት ውን ንሓሶቶም ዘቃልዕ ኢዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ብውሽጦም መሕብኢ ስኢኖም፡ ኣብ ጽፍሮም

ክኣትዉ ይፍትኑ ከምዘለዉ ይርድኣና ኢዩ። እቲ ዘይርድኣና ግን፡ ሕጂ'ኸ፡ ንኢሳያስ ንምሕጓስ፡ እንታይ ካልእ ምስምስ ኮን ከምጽኡ ይኾኑ ዝብል ኢዩ?

ኣብ መደምደምታ፡ ኢሳያስ ንምልኪ ከም ዲሞክራሲ፡ ንስቅያት ናይ ህዝብና ከም ምዕብልና ካብ ተረድኦን ካብ ገለጾን፥ እቶም ነዚ ስርዓት'ዚ ብጕልበት ድዩ፡ ብገንዘብ፡ ወይስ ብሓሳብ ክድግፉ ዝጸንሑ ዜጋታት ንመርገጻቶም ዳግመ ርእይቶ ክገብርሉን፥ ኣብ ጐድኒ ህዝቦም ደው ክብሉን ደጊምና ከነዘኻኽር ንፈቱ።

.